# መግለጺ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን
# ብምኽንያት መስዋእቲ ሜጀር ጀነራል ኣሕመድ ዑመር መሓመድ ካካይ

ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ፍቕሪ ህዝቢ ብግብሪ ዝተርጎመ፡ ካብ ዕለት ምስላፉ ክሳብ መስዋእቱ ንራኢን ዕላማን ህዝብን ግንባርን ስጋ ከልብስ ንእስነቱ፡ ዕድላቱን ኩሉ ዝውንኖን ዝበጀወ፤ ዓለም ዝጎሰየቶ ሕቶ ህዝቢ ክውን ንምግባር ነብሱ ዝረሰዐን ውልቃዊ ድልየታቱ ቀቢሩ ባህጊ ህዝቢ ከስምር ዝሓረየ፤ ዝተመንዘዐ ክብረት ህዝቢ ክመልስ መሮር ካብ ዝሓደሩ ሰውራ



ኤርትራ ዝጸገዮም ሓርበኛታት ሓደ ሜጀር ጀነራል ኣሕመድ ዑመር መሓመድ ካካይ ብመስዋእቲ  ተፈልዩና።

ስዉእ ብጻይ መሓመድ ካካይ ከም ኩሎም ስውኣትናን፡ ህሉዋት መቓልስቲ ብጾቱን፡ ነቲ ብኩምራታት ኣጽዋርን ዝርያ ሓያላንን ዝሰኸረ ወፍርታት ጸላኢን፡  "ኦሮማይ" ሰውራ ኤርትራ ዝተባህለሉ ዘይንቡር መድረኻትን ክስተታት ቃልሲን ብጽንዓት መሊኾም ዘምጽእዋ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ከይትድፈር ዳግም በረኻ ወፊሩ፣ ተዋጊኡን ውግኣት መሪሑን ክብሪ ሃገር ዳግም ብምውሓስ፣ ንትፈትዎ ህዝብን ሃገርን ኩሉ ትውንኖ ዘበለ ክሳብ ሂወት ምኽፋል፣ ዝብል ሓላል ባህሊ ኤርትራ ንቐስሞ ዓቢ ትምህርቲ እንተሎ፣ ዕላማ-ቃልሲን መስዋእትን ዘይነጻጸል ባህሪ ምዃኑዩ።

ዛንታ ስዉእ ሜጀር ጀነራል ኣሕመድ ዑመር፡ ካብ ምፍላም ብረታዊ ቃልስና ክሳብ እዛ ዕለተ መስዋእቱ፣ ነቲ ምስ ኩሎም በጃ ህዝቢን ሃገርን ዝሓለፉ ሰማእታት ተሰኒዱ፡ ወሎዶታት ኤርትራ ዝሓዝነሉ ዘይኮነ ዝሕበኑሉ፤ መድረኻዊ ተልእኾኦም ክፍጽሙ ዝምእዘኑሉ፤ ኤርትራውያን ጥራይ ዘይኮኑ፣ ኩሎም ውጹዓት ኣህዛብ ዝመሃርሉ መወከሲ ማህደር ታሪኽ ጅግንነትን ቅያታትን ምዃኑ ክንድቲ ዘሐብነና ከኣ ይምህረና።

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን፣ ብስም ኤርትራውያን ነበርቲ ሕ/መ/ኣመሪካ፣ ብምኽንያት መስዋእቲ ሜጀር ጀነራል ኣሕመድ ዑመር መሓመድ ካካይ፡ ተኻፋሊዚ ሓበን ዝለበሰ ምፍናው ሓርበኛ ክቡር ብጻይ ምዃኑ እናገለጸ፣ ንመንግስትን ህዝብን ከምኡውን ስድራቤቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም ይብል። ነቲ ከም ኩሎም ሰማእታትና ዕድመ ልክዑ ዝኸፈለሉ፣ ብልጽግትን ስምርትን ኤርትራ ናይ ምህናጽ ዕላማ ንምትግባር ክቃለስ መብጽዕኡ የሐድስ።

**ዓወት ንሓፋሽ !!**

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን
19 ለካቲት 2015